**ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ 2017 ስያትል።**

ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለዩ ኣገባብ ናይ መኸተ መደባት ተኻይዶም እዮም። ሓደ ካብኡ መደብ ፈስቲቫላት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝካየዱ ዝነበሩን ዘለዉን እዮም። ፈስቲቫል ካብቲ ንምዝንጋዕን ገጽ ንገጽ ምርእኣይን ሓሊፉ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት ዝፈጥሮ ናይ ስነ ሓሳብን ዓላማን ሓድነት፡ ናይ ባህልን ልምድን ዓቃብነት ኣዝዩ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ። ብኡ መሰረት ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክብርታቱ ምሕላውን ተጻባእቱ ምፍሻል ኩሉ ግዜ ዕዉት ኮይኑ ዝርከብ።




ውሽጣውያንን ግዳማውያን ጸላኣትና ካብ ኩሉ ዘሰምብዶም ነገር እተሎ ሓድነትና ኣዩ። ሳላ ሓድነትና ዘይፍታሕ ሕልሚ ነጻነት ፈቲሕና። ሳላ ሓድነትና ሓያላን መንግስታት ዝኣለምኦ ውዲት ወያነ ሕቶ ናይ ዶብ ብሞንት ሲዕርና። ሳላ ሓድነትና ንውዲታት ሃሱሳትን መዎልቶምን ነቲ ሓሶት ዘይፍትሓዊ ክሲ ብስም ግህሰት ሰባዊ መሰል ዝብል ኣህሲስና። ሳላ ሓድነትና ነቲ ብመንእሰያት ህግደፍ ዞባ ኤውሮጳ ኣብ ሆላንድ ዝተገብረ ጉባኤ ንምፍሻል ብሃሱሳት እሞ ኸኣ ብከሓድትን ዘረፍቲ ንብረት ህዝብን ዝኾኑ ጠላማት ግብሮም ምስ ዕድሚኦም ዘይሳነ ጽዩፋት ዝተወደበ ኣርዮሳዊ ፈተነ ምፍሻልን፡ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ብዓወት ምዝዛሙን፣ ኣብ ታሪኽ ተቓላሳይ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘለዎ ቦታ ልዑል ምኻኑ እቲ ግዜ ባዕሉ ዝምስክሮ ዘሎ ሓቂ እዩ።

ስለዚ ሓድነትና ካብ መድፍዕን ቡምባን ዘይንእስ ሓይሊ ካብ ሃለዎ፣ ነዞም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ እንነብር ፈተውቲ ሃገርናን፡ ህዝብናን ምክልኻል ሓይልታትናን መንግስትናን ዝኾና ዜጋታት፡ ነዚ ንመጀመሪያ ግዜ ንኹሉ ኤርትራዊ ኣብ ሓምሳ (50) ክፍለ ሃገራት ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ ዝነብር ኣብ ሓደ ቅርዓት ዘሳትፍ ኤርትራዊ ፈስቲቫል ኣብ ታሪኽ ክህልዎ ዘለዎ ቦታ

ቡሩህ ኮይኑ፡ ናይዚ ታሪኻዊ በዓል ብኣካል ተሳታፊ ምኳን ኣብ ሕልናና ከሕድሮ ዝኽእል ዕግበትን፡ ኣብ ልዕሊ ተጻባእትና ዘውርዶ ስዕረትን ዓቢ ምኳኑ ንምግማቱ ኣየሸግርን።




እቲ ብኤርትራውያን ተቐማጦ ስያትልን ከባቢኣን ብመሪሕነት ሽማግለ ፈስቲቫል ስያትለ 2017 ተገሩ ዘሎ ምድላዋት፡ ከምቲ ኣቦታትና ከምስሉ ከለዉ " ተጽግበካ ቅጫስ ኣብ ሞቕሎ ከላ ትፈልጣ" ዝብሉዎ"፡ ጉዳይ ፈስቲቫል ጉቡእ ምስንድኣት ተገሩሉ ከም ዘሎ ካብዛ ፖስተር ፈስቲቫል ክበርሃልና ኪኢሉ ኣሎ።

ሕጂ'ውን "ክምብል በለ እምበር ነይፈሰሰ ከም ዝበሃል" ነቶም/ነተን ገና ንምስታፍ ዘይወሰና ወይ'ውን ኣገዳስነቱ ቱኽረት ዘይሃብናሉ ኣብዚ ታሪኻዊ ፈስቲቫል ህላወና ከነመዝግብ ግዜ ከይቀደመ ኸሎ ንቐድሞ። ሓበሬታ ዘድልዮ ነገር ምስ ዝህሉ በዚ ቁጽሪ ተለፎን ኣብዛ ፖስተር ዘሎ ወይ'ውን ኣብ ማሕበረ ኮማትና ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ኣባላት ተመዚዞም ስለ ዘለዉ ብዝጣዓመና መንገዲ ክንሕበር ንኽእል።

ሓደ ኩልና ኣብ ግምት ከነእትዎ ወይ ከነተኩረሉ ዘሎና ነገር እንተሎ፡ እቶም ትማሊ ኣብ ሆላንድ ንመንእሰያት ግዳይ ዝገበሩ፡ ተመሊሶም መቕጻዕቲ 400 ኢሮ መጺኡካ ኣሎ ክፈል ኢሎም ኣብ ዘይሓሰቦ ዕዳ ዝሸመምዎ ቦዛያት፣ ከም ዓጽሚ ዘናዲ ዝብኢ ገለ ሃሱሳት ኣብ ጸይቃዊ ስራሓቶም ዝተሓባበሩዎም እንተረኺቡ ኣብ ኣሜሪካ ብምምጻእ ፈንፊን ይብሉ ኣለዉ። ንጉዳይና ከተዓናቕፉ ጫማ ሰነተራት ንምልሓስ ሕንኽ ኣይብሉን ዘለዉ።

ኣብዚ ታሪኻዊ ፈስቲቫል ክንረኽቦ እንኽእል ተዘክሮታት ብግቡእ መታን ከነመዝግቦ ብርዕናን መመዝገቢ ደብተርናን ከይንርስዕ እናኣዘኻኸርኩ ብሰላም ኣብ ስያትል የራኽበና።

ሰማኣታትና ንዘልኣለም ይዘከሩ፡
ዓወት ንፈስቲቫል 2017 ሰያትል፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡